ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዉቅሮ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ንሆስፒታል ውቅሮ ግልጋሎት ዝውዕሉ ጀነሬተር ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ ዝምልከተኩም መቅረብቲ በቲ አብ ታሕቲ ዘሎ ናይ ጨረታ ረቋሒ መሰረት ክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጉንበት 8, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 21, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000.00
- ቦታ:ዉቅሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 21, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/

1 ነዚ ዝምልከት ዝተሐደሰ ሕጋዊ ፍቃድን ንግዲ ስራሕ መረዳእታ ዘቕርብ፤

2 ቫት ተመዝጋቢ ምኻኖም መረዳእታ ከቕርቡ ዝክእሉ፤ናይ ወርሒ መጋቢት ሒሳብ ዘቕርብሉ መረዳእታ ከቕርብ ዝክእል፤

3 ብቢሮ ኤጀንሲ ልምዓት እቶት ናይ ግብሪ ከፋልቲ መለለይ ካርድ ቲን ዝተመዝገቡ ምኻኖም መረዳእታ ዘቕርቡን፤

4 ዝተሓደሰ መቅረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገቡ ምካኖም መረዳእታ ዘቕርብ፤

5 ናይ ጨረታ መከበሪ ቢድ ቦንድ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሰርተፊኬት /ስፒኦ/ ወይ ብጥረ ገንዘብ 10000.00 ከትሕዝ ዝክእል፤

6 ተጫረቲ እዚ ምልክታ ግልፂ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 07/09/2011 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 21/09/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ቅድሚ ሰዓት ኣብ ዘሎ ግዜ ዘይምለስ ብር 50.00 ከፊሎም ሰነድ ጨረታ ምዉሳድ ይክእሉ።

7 ተጫረቲ ኣብ ዝመልእዎ ሰነድ ጨረታ ነፀላን ጠቅላላ ዋጋን ምስ ቫቱ ዊዝ ሆልዲንግ ሓዊሶም ብዝተዓሸገ ፖስታ ናብ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቅ ኣተዊ ይገብሩ።

8 ጨረታ ሳንዱቅ ዝርከበሉ ቦታ ኣብ ዉቅሮ ሆስፒታል ደ/ከ/ስ/ዕደ/ፋይ/ንብ/ምምሕዳር ቢሮ ቁፅሪ 01 እዩ።

9 እቲ ጨረታ ዕለት 21/09/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅደሚ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ዝክፈት ኮይኑ ተወዳደርቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም እንተተረኪቦም ይምረፅ።

10 ተጫረትቲ ካብቲ ዝቀረበ ሰፔስፊኬሽን ሳምፕልን ወፃኢ ምምላእ ዘይከኣል ምኻኑ ፈሊጦም ክወዳደሩ ዝክእሉ፤

11 ተጫረቲ ኣብ ጨረታ ዝተቀመጡ ነጥብታት ግልፂ እንተዘይኮይኑሎም መብርሂ (መማሓየሺ) እንተሃልዩዎም ናይ ጨረታ መክፈቲ ዕለት ቅድሚ ምብፅሑ ቅድሚ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ብፅሑፍ ናብ ቤት ፅሕፈትና ከቕርብ ይክእል፤

12 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ዝመልእዎ ዋጋ ብቅርሺ ክኮን ኣለዎ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13 ተጫረቲ ዘሸነፍዎ ኣቅሓ ማለት ጀነሬተር ብናይ ባዕሎም ትራንስፖርት መፅዓንን መራገፍን ናብ ሆስፒታል እሰቶር ኣታዊ ጌሮም ሒሳቦም ክዉስዱ ዝክእሉ፤

14 ተጫረቲ ናይ ዝሰዓርዎ ኣቅሓ ጀነሬተር ዉዕሊ ብምእሳር 10% ናይቲ ጠቕላላ ዋጋ ዉዕሊ መኽብሪ ብዝተረጋገፀ ባንኪ ቼክ ወይ ብጥረ ገንዝብ ክትሕዙ ግዴታ አለዎም።

15 ሰዓራይ ጨረታ ክሳብ 24/09/2011ዓ/ም ርክክብ ፈፂሙ ሒሳቡ ክወስድ ዝክእል ምኟኑ ፈሊጡ ይወዳደር።

16 ድሕሪ 24/09/2011ዓ/ም ንዝቀርብ ተጫራታይ ብምክንያት ናይ ዓመት በጀት መዕፀዊ ምኟኑ እቲ ጀነሬተር ዘይንቅበል ምኟና ፈሊጡ ክወዳደር ዝክእል ጥራይ ይጫረት።

17 ብዝ/የ መንገዲ እቲ ጨረታ ከዛብዕ ዝፈተነ ተጫራቲ እቲ ቤት ፅሕፈት ወይ ሆስፒታልና ካብ ጨረታ ወፃኢ ይገብር።

18 ተጫራቲ ድሕሪ ሳፁን ጨረታ ምክፋቱ ጨረታ ኣይሳተፍን ምባል ኣይፍቀድን።

19 ተጫረቲ ኣብ ዘቕርብዎ ሰነድ ሽምን ፊርማን ማህተምን ክገብርሉ ኣለዎም።

20 ተጫረቲ ኣብ ዘቕርብዎ ሰነድ ስርዝ ድልዝ ክህሉ የብሉን።

21 ተጫረቲ ኣብ ዘቕርበዎ ሰነድ ነንበይኑ ዓሺጎም ዋናን ቅዳሕን ኢሎም ክፅሕፍሉ ይግባእ።

22 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ::

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344-430057 ደዊልካ ሓበሬታ ምርካብ ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle